ክታበታት ኮቪድ-19

ፋይዘር-ባዮንቴክ፣ ሞደርና፣ አስትራዜኒካ/ኮቪሽልድን ጃንሰንን (ጆንሰንን ጆንሰንን)

ሴፕቴምበር 30, 2021 ተመሓይሹ

ብኮቪድ-19 ናይ ምትሓዝ ሓደጋታት

ኮቪድ-19 ብቫይረስ ዝመፅእ ረኽሲ ኮይኑ ብዋናነት ንሳምባታት ዘጥቅዕ እዩ። ዓበይቲ ኣባፅሕን ናይ ጥዕና ፀገም ዘለዎም ሰባትን ብኮቪድ-19 ብዝኸፍአ ናይ ምሕማም ዕድል ኣለዎም። ኮቪድ-19 ኣብ ሳምባታት፣ ልቢ ወይ ሓንጎል ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ናይ ነዊሕ ግዜ ምልክታት ከም ድኻም፣ ሕፅረት እስትንፋስ፣ ትኩረት ናይ ዘይምሃብ ፀገምን ናይ ጭዋዳታት ቃንዛን ከጠቓልል ይኽእል እዩ።

ኮቪድ-19 ናብ ካሊእ ሓደሽቲ ልውጥ ቫይረሳት ምልዋጡ ቀፂሉ ኣሎ። ገለ ልውጥ ቫይረሳት ብቐሊሉ ክላብሁን ሰባት ብጣዕሚ ክሓሙ ክገብሩ ይኽእሉን።

እቶም ክታበታት ብኸመይ ይሰርሑ

ኮቪድ-19 ክትባታት ሰብነትና ናይ ኮቪድ-19 ረኽሲ ዝከላኸሉ ኣንቲቦዲታት ንኽፈጥር ትእዛዝ ዝህቡ እዮም። ካብቶም ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕሉ ኣብ ካናዳ ዝተረጋገፁ ክትባታት ሰለስቲኦም ክልተ ዓቕናት ዝደልዩ እዮም። ናይ ጃንሰን (ጆንሰንን ጆንሰንን) ክታበት ጥራሕ ሓደ ዓቕን ይደሊ። እቲ ክታበት ኮቪድ-19 ዘስዕብ ቫይረስ የብሉን ስለዝኾነ ውን ኮቪድ-19 ከስዕበልና ኣይኽእልን።

ረብሓታት ክታበት

ብካናዳ ዝፀደቕ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ን 12 – 18 ን ዓመት ካብኡ ንላዕልን ኣብ ጥኑሳት ወይ ዘጥብዋ ኣደታት፣ ዓበይቲን ናይ ጥዕና ፀገም ዘለዎ ሰብ ውን ሓዊሱ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። እዞም ክታበታት ሰባት ብኮቪድ-19 ከይተሓዙን ከየላብሁን ይከላኸሉ። ንኮቪድ-19 ስዒቡ ዘጋጥም ብርቱዕ ሕማም እውን ይከላኸሉ። እቲ ክታበት ምእንቲ ክከላኸል ድህሪ ምውሳድ እቲ ክታበት ክልተ ሰሙን ይወስድ። ክልተ ዓቕን ዘድልዮም ክታበታት ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝፍጠር እቲ ካልኣይ ዓቕን ምስተወሰደ ድሕሪ 1-2 ሰሙና እዩ።

ኩሎም ክትባታት ከም ናይ ልቢ ወይ ሳምባ፣ ሽኮርን ናይ ደም በዝሒን ፀገማት ንዘለዎም ሰባት ፀገም ዘየስዕቡ ውሑሳት እዮም። እቲ ክትባት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንዘይብሎም ወይ ብሕማም ወይ ብሕክምና ምኽንያት ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንዘለዎም ሰባት ውን ጉድኣት ዘለዎ ኣይኮነን፣ ኮይኑ ግና ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት ንዘለዎም ሰባት ኣይሰርሐሎምን።

ድሕሪ ክታበት ብኮቪድ-19 ክትተሓዙሉ እትኽእሉ ዕድል ዝተሓተ እዩ። ዝበለፀ ብዙሕ ህዝቢ እስካብ ዝኽተብ ናይ ጥዕና ማሕበረሰብ ስጉምቲታት ምትግባር ምቕፃል ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ሐዚ ግዘ እቲ ክታበት ንኽንደይ ዝኣክል ግዘ ከምዝከላኸል ሓበሬታ የለን። ምናልባሽ ንቐፃሊ ዘጠናኽር ዓቕን ከድልይ ይኽእል እዩ።

ናይ ክታበት ባእታታትን ኣለርጂታት

እቲ ክትባት ሊፒዳት (ስብሒ)፣ ጨው፣ ሽኮር ቅብኣትን ዝሓዘ እዩ። እዚ ክትባት እንቋቕሖ፣ ጀላቲን (ፖርክ)፣ ግሉተን፣ መጣበቒን መድረቒታትን፣ ኣንተባዮቲክስ ወይ ኣሉሚንየም የብሉን። ናይ ክትባት ኣለርጂ ብጣዕሚ ዘይዝውቱር እዩ። እዚ ክትባት ዋላ ናይ ምግቢ፣ መድሓኒት ወይ ናይ ኣከባቢ ኣለርጂ እንተሃልዩካ ውን ጉድኣት የብሉን። ናይ ፖሊኢትሊንግላይኮል፣ ትሮሜታማይን ወይ ፖሊሶርቤት ሓያል ኣለርጂ እንተሃልዩኩም መጀመሪያ ምስሓኪምኩም ተዘራረቡ።

ክታበታት ኮቪድ-19 ፋይዘር-ባዮንቴክ፣ ሞደርና፣ አስትራዜኒካ/ኮቪሽልድን ጃንሰንን

ሓልሓሊፉ ሓያል ናይ ኣለርጂ ምላሽ (ኣናፍላክሲስ) ክፍጠር ይኽእል እዩ።ናይ ኣለርጂ ተርእዮታት ክሕከሙ ዝኽእሉን መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ንሓፂር ግዜ ዝፀንሑን እዮም። ናይ ምስትንፋስ ፀገም ወይ ናይ ገፅ ወይ ናይ ጎሮሮ ሕበጥ እንተሃልዩኩም ብሕክምና ተርኣዩ።

ግዳማዊ ሳዕቤናትን ስግኣታትን

ኣስታት 20 ሚኢታዊ ዝኾኑ ሰባት ግዳማዊ ሳዕቤናት የጋጥሞም። መብዛሕቲኦም ትሑት ክሳብ ማዕኸላይ ኮይም ኣብ ሓፂር መዓልታ ዝጠፍኡ እዮም። ግዳማዊ ሳዕቤናት ምህላዎም እቲ ክታበት ንስርዓት እቲ ናይ ሰብነት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምብርባር ይሰርሕ ኣሎ ማለት እዩ።

እቶም ዝተለመዱ ግዳማዊ ሳዕቤናት፡

- ኣብቲ ዝተወጋእኻሉ ቦታ ምቕያሕ፣ ቃንዛ፣ ምስሓይ፣ ወይ ምሕባጥ
- ረስኒ
- ሕማ ርእሲ
- ናይ ጭዋዳ ሕማም
- ናይ ጭዋዳ ሕማም
- ናይ መገጣጠሚ ሕማም
- ምቁራር
- ዕውልውል ምባል ከምኡ እውን/ወይ ተምላስን።

ማዮካርዳይቲስን ፐሪካርዳይቲስን፡

- ማዮካርዳይቲስን ፐሪካርዳይቲስን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ልቢ ዘጋጥም ዓይነት ነድሪ እዩ። ኤጀንሲ ጥዕና ማሕበረሰብ ካናዳ ኣብ መናእሰይን ባፅሕን ድሕሪ ክታበት ምብፅሖም ዝመፁ ውሑዳት ፀብፃባት ክትተል ግበረሎም ኣለዉ። መብዛሕትኦም ዝበፅሑ ሕማማት ቀለልቲ እንትኾኑ ብመድሓኒትን ዕረፍቲን ዝተሓከሙ እዮም።
- ድሕሪ ምክታብኩም ቃንዛ ኣፍልቢ፣ ምሕፃር ትንፋስ ወይ ቅልጡፍ ትርግታ ልቢ እንተኣጋጢሞም ተሓከሙ።
- ጥቕሙ ካብ ስግኣቱ ዝበለፀ ስለዝኾነ ክታበት ይምከር እዩ።

ድሕሪ ቫይራል ቬክተር ክታበት (ኣስትራዜኒካ፣ ኮቫሺልድ፣ ጃንሰን) ዘጋጥም ዘይልሙድ ግዳማዊ ሳዕቤን:

ዘይልሙድ ምርጋእ ደም ምስ ቫይራል ቬክተር ክታበታት ከምዝዘመዱ ይሕሰብ።

- ድሕሪ ምውሳድ ክታበት ኣብ ውሽጢ 4 እስካብ 28 መዓልታት ንምትንፋስ ምፅጋም፣ ናይ ኣፍልቢ ቃንዛ፣ ወይ ምሕባጥ እግሪ፤ ሓድሽ ወይ ዝገደደ ሕማም ከብዲ (ከስዐ)፤ ሓያል ወይ ዝገድድ ሕማም ርእሲ ወይ ንምርኣይ ምፅጋም፤ ወይ ናይ ቆርበት ስንብራት ወይ ምሕባጥ (ኣብቲ ዝተኸተብክምሉ ወፃኢ) እንተኣጋጢሞምኹም እንተሊዮም ተኸታተሉ ከምኡ ውን ዝስዕቡ ምልክታት ሕማም እንተኣጋጢሞምኹም ሽዑንሽዑ ሕክምና ግበሩ።

ድሕሪ ክትባት ሓያል ኣለርጂ እንተጋጢምኩም ወይ ድማ ኣብ 3 መዓልቲ እንተዘይጠፊኡ ንግልጋሎት ጥዕና ኣቕራቢኹም ንገሩ። እቶም ክታበታት ውሑስ ምኻኖም ንምርግጋፅ እቲ ጥዕና ሕበረተሰብ ንግዳማዊ ሳዕቤናት እንዳተኸታተለ ይምዝግብ።

ነቲ ክታበት ኣዘንግዓዮ

- ልዑል ሙቐት ሃልዩካ ወይ ናይ ኮቪድ-19 ምልክታት እንተልዮምኻ ቅድሚ ምክታብካ እስካብ ዝሕሸካ ተፀበይ።
- ኮቪድ-19 ምስ ዘለዎ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ ብምንባርካ ንባዕልኻ ክተግልል ተመኺካ እንተኔርካ ብኽብረትካ ቆፀራኻ እቲ ናይ ምግላል ግዜ ምስ አብቅዐ ኣበ ዘሎ እዋን ንክኸውን ግበር።

ንግልጋሎት ጥዕና ኣቕራቢ ኣማኽሩ

ቅድሚ ክታበት ምውሳድኩም ምስ ኣቕራቢ ግልጋሎት ጥዕና ወይ ኪኢላ ኣለርጂ ተዘራረቡ እንድሕር፡

- ናይ ሰብነት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘዳኽሙ መድሓኒታት ትወስዱ እንተሊኹም - ብመንፀር እቲ ትወስድዎ መድሓኒት ክታበት ትወስድሉ ግዜ ክትውኑ ክትደልዩ ትኽእሉ
- ናይ ኮቪድ-19 ክትባትናይ መጀመሪያ ዓቐን ድሕሪ ምውሳድኩም ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰዓታት ናይ ኣለርጂ ተርእዮታት እንተነይሩኩም
- ንዝኾነ ናይ ክትባት ባእታታት ሓያል ኣለርጂ እንተሃልዩኩም

ንባዕልኹምን ንኻልኦትን ምክልኻልኩም ቀፅሉ

መብዛሕትኡ ሰብ እስካብ ዝኽተብ ኣካላዊ ርሕቀትካ ምሕላው፣ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ምጥቃምን እንድሕር ሓሚምኩም ድማ ኣብ ገዛ ምፅናሕኹም ምቕፃል ጠቓሚ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ንግልጋሎት ጥዕና ኣቕራቢኹም ኣዘራርቡ ወይከዓ ንዚ toronto.ca/COVID19 ጎብንዩ።

ፍልፍል: National Advisory Committee on Immunization. *Recommendations on the use of COVID-19 Vaccines*.